# ‘ዛ ወርቃዊት ቆፎ

ኣብ’ዛ መንበሪት ኣናህብ
መመስሪሒት ሽሻይ
መዓር እተንጠብጥብ
ኣብ ክረምቲ ሓጋይ
      ውሻጠኣ ጻዕሪ
      እተቐብአ ወርቂ
      ብዝተፈላለየ ሃሪ
      ዝተጎልበበት ጸምሪ
      በየን ክኣትዋ ቁሪ
      ተረጊጡ እንክሎ በሪ
      በየን ክኣትዋ ጸገም
      ‘ዚ ብርሃና ሰዓሪ
ሐጋይ ኣላፊና ብየማነ-ጸጋማ
የዐንትራ ኣናህባ ኣብ ሓደ የዒማ
ተኺላ ድባባ
ጽንዓት እናጨረሐ
ዓርሞሸሽ’ዚ ሰባ
ከመይ ክወግኣ ዳንዴር
ሓቑፉ ዕንባባ
      ንሳ’ያ መናሃርያ
      ‘ዛ ወርቃዊት ቆፎ
      ኣብ ከርሳ’ሎ ፍቅሪ
      ልብና ዝሃርፎ
      ማሙኽና’ያ ንሳ
      ነብስና ትሓቑፎ
      ሓላልና’ያ ንሳ
      ኣብኣ ኢና ንትስፎ
ካብኣ ኢና ንነቅል
ንፍቅራ ሓንጊርና
ፍትወትና ነውሕዝ
ኣርማኣ ወቒርና
መን ይደፈሮ ቤታ
ብውሻጠ - ግዳም
ቆይምናላ - እንክሎና
ዋርድያ ኣፋፌታ
      ‘ዛ ወርቃዊት ቆፎ
      ዝተሰረተትን ዝተነድቀትን ክነሳ
      ዝተጠምረትን ውህድትን ክነሳ
      እንቓዓ ይርህጹ ክፈናትትዋ
      ኣካላታ ርእሳ



ስነ_ጥበባዊ - ዮናታን ፍቓዱ

ሃመማ’ውን ይዝንብያ’ዩ
ሃመም እናበለ
ቁስልታት ቋጺሩ
ርስሓት ዝምእርር
ኣብ ጎድፍ ዊዒሉ
ግዳም እናሓደረ
ኣብ ድነ ዝነብር
ምስላ ከመራስሕ
ኣብ ሓመድ ዘንገርግር
ክሸጣ ክልውጣ
ኣብ ዕዳጋ ዘዕገርግር
ሓይላ ንኽምክን
ምስ ኣባይ ዝመክር
ሰባ ክጎዛዚ
ከም ብተይ ዝዕንድር
      ነተን ፃተን ሕቡራትን
      ሒለላትን ኣርካናትን
      ሓደ ዝትንፋሰን ዝጽላለን
      ሓደ መቓልሐን ዝመዝሙረን
      ያኢ ተሓልዩለን
      ሰስመን ተፈልዩለን
      ሃኒጾም ኣኣግነተን
      ሃሃገረን ጠሚቖመን
      ኣየ’ዚ ሕልሞም ክሓምኽ
      ሩሕ ዘይብሉ ሕልሚ

ክፍኣት ዘሪኦም - እኩይ ንኽዓጽዱ
ክድዓት ተገዚሞም - ረመጽ ንኽኣግዱ
ሲራ ክብሕጉጉ - ናብ ከውታ ዘንቅዱ
ሻርባ ተጎምጉሞም - ኣሶሳ ዝነገዱ
ኣዘኪሮሙኒ' እንካ - ኣንድነት ይመስሉ
ተምሳሌቶም ሓደ - ሓድሕድ ዝማለዱ
እንተ'ቲ ውሻጠና - ምሒር ጸይንዎም
ትፋኦም ዝመልሱ - ኣይናትናን ኢልዎም
ገዛእ ኣካሉ ከድሚ - መላጽኡ ዝስሕል
ገዛእ ህዝቢ ከኻኒ - ብዳመኛ ዝምእከል
ገዛእ ቤቱ ከዕኑ - ኣጽፋሩ ዝተክል
ወዲ ጓና'ዩ ንሱ - ኣብ ኳና'ኡ ይስፈር
ሰፈር ኣናህብ'ዩ ቆፎ
ሃመማ ኣየዕቁብን
መዓር ዝምስርሕ'ዩ
ጎድፍ ኣይእክብን፡
ከምታ ለዋህ ጥሪት
እምብዛ ትሕለብ
ሰሲና'ያ ቆፎ
ሽሻያ ተዝንብ
ኪኖ'ቲ ወለላ
ኣዋርቕ ትሕለብ
'ዛ ወርቃዊት ቆፎ።

**ዮናታን ፍቓዱ**
01/28/2012፡ ንናይ መኸተ ምሸት- ብስም
ስነ-ጥበባውያን እተዳለወት። ዲሲ።